# ደንበ ተቓውሞ ንክድንፍዕ

## ብስዕዲ ኣደም

ብዕለት 5 5-2022 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ሃገረ ጀርመን መራሕቲ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስን ለውጢ፣ ንህዝቢ ኣኼባ ኣካይዶም። ኣጀንዳ ናይቲ ኣኼባ ድማ እዘን ዝስዕባ ነበራ።

- ኩነታት ኣፍሪካን ከባቢኡን
- ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ኩነታት
- ምቅርራብ ተቓውሞ ውድባትን ኩነታተንን
- ኩሉ ጸረ ዲክታቶሪያዊ ሰርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝቃለሱ ውድባት ይኹኑ ካልኦትን፣ ጥምረት ዝገብርሉ ኣገባብ ምፍጣር













እቲ ኣኼባ ብትሕዝትኡ ጽቡቕ ነይሩ። ንሕና ከም ደቂ ሃገርን ተቓለስትን መጠን ግን፣ ሃገርና ደሞክራስን ልዕልና ሕግን ክሰፍራ እንተኾይኑ፣ መራሕቲ ውድባት ጻዕርታቶም ኣብ ምጥርናፍ መንእሰያት ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ስደት ዘሎ ኤርትራዊ ክውደብን ክጥርነፍን ብዝያድ ክበላሓቱን ክጽዕሩን ይግባእ እብል። ኣብቲ ኣኼባ ይኹን ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታት  ኣነ ይኹን ካልኦት የሕዋት ተኸታታሊ ኣኼባታትን ምብርባርን ክካየድ ብትሪ ንመራሕቲ እቲ ኣኼባ ይኹን ነቶም ኣብዚ ዘለናዮ ቦታ ዝነጥፉ ኣባላት ውድበይ ተላቢናን ኣተሓሳሲብናን ኔርና። ካብቲ ኣኼባ ዝተገብረሉ ግዜ ክሳብ ሕጂ ዝተዓዘብክዎ እንተሎ ወላ እቲ ኣነ ከም ኣባል ዝዋሳኣሉ ውድብ ዝኣክልን ዝግባእን ጻዕርታት ይካይድ ኣሎ ዝብል ዕግበት የብለይን።

ስለዚ እቲ ጻዕርታት ክሕይል መታን፣ ተቃለስቲ ውድባት ብተደጋጋምን መሳጥን እዋናዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ዛዕባታት ተሰንየን ኣኼባታተንን ጻዕርታተንን ከበርኻ እላቦ። ኣቲ ምንታይሲ፤ ዲክታቶሪኣዊ ሰርዓት ኢሳያስ ኣልጊስና፣ ኣብ ሃገርና ፍትሒ ክነግስን ስደት ክዕገትን እንተኾይኑ፣ ብጻዕርታትና ቃልስናን ጥራይ ኢና ክነረጋግጾ እንኽእል ዝብል ዕግበት ኣሎኒ።

ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ውድቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓት ኤርትራ